# ምጽዋዕ

## መበል 33 ዓመት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል

## 10 ለካቲት 1990 - 10 ለካቲት 2023



ብዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ

ህዝቢ ኤርትራ ኣብዚ ቅነ'ዚ መበል 33 ዓመት ዝኽሪ ታሪኻዊ ስርሒት “ፈንቅል” ይጽንብል ኣሎ። ካብ 8 ለካቲት ክሳብ 10 ለካቲት 1990 ዝቀጸለ ደምሳሲ ስርሒት ፈንቅል ነዛ 127 ደሴታት ዝሕቆፈት ኣብ ማእከላይ ገምገም ቀይሕ ባሕሪ እትርከብ እስትራተጂያዊትን ቅርሳዊትን ከተማ ምጽዋዕ ሓራ ኣውጺኡዋ። ወደብ ምጽዋዕ ኣብ ኢድ ጅግና ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ምውዳቃ ኸኣ፡ ንመግዛእታዊ ሓይልታት ኢትዮጵያ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣንኮላይ ንኹሎም'ቶም ምስኡ ዝተመሓዘዉ ብሶቬት ሕብረት ነበር፡ ምብራቕ ጀርመን ነበርን ደቡብ የመን ነበርን ዝውከሉ ዞባውያንን ኣህጉራውያንን ሓይልታት ዓቢ ጽፍዒት'ዩ ነይሩ። እዞም ሓይልታት እዚኣቶም ኣንጻር ሰውራ ኤርትራን ፍትሓዊ ሓርነታዊ ቃልሱን ደው ብምባል ንመግዛእቲ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ሓገዛት ኣብ ምስናቕ ዓቢ ተራ ዝነበሮም እዮም።

ጅግንነታዊ ስርሒት “ፈንቅል” በቲ ልክዕ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ክብደቱ እንተ እንተ ድኣ ዘይሪኢናዮ ድማ ዕምቆቱን ኣገዳስነቱን ክርድኣና ኣይክእልን

እዩ። ምኽንያቱ እቲ ኣብ 1978 ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝሕለፎ እስትራተጂያዊ ምዝላቕ ካብ ምጽዋዕ ክብገስ ከሎ፡ ንምሕራር መላእ ኤርትራን

ውድቐት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ 1991 ኣፍ ደገ ዝኸፈትት’ውን ንሳ ምጽዋዕ እያ።

**ብፖለቲካዊ መዳይ**፡ ናይ ምዕራብን ምብራቕን ሃገራት ብቀዳምነት ከኣ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካን ሶቬት ሕብረት ነበርን ነቲ ናይ ቅድም ፈደራላዊ ውዕል ብኻልእ ዝተመሓየሸ መልክዕ ውሽጣዊ ምምሕዳር ንምምላስ፡ መራሕቲ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ምሉእ ናጽነት ዝብል መትከል እንተ ድኣ ዘይገዲፎም ንመሰል ህዝቢ ኤርትራ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ሓንሳብን ንሓዋሩን ክንድምስሶ ኢና እናበሉ ናይ ምፍርራሕን ምጉብዕባዕን ፖሊሲ ይኽተሉ ነይሮም። እንተኾነ ግን ፍረ ኣይረኸቡን። መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ኣብ ምሉእ ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ ዘለዎ መትከል ኣብ ዋጋ ዕዳ ዝኣቱ ከምዘይኮነ ንኣሜሪካውያንን ሲቬታውያንን ኣረጋጊጹሎም። ብዛዕባ’ዚ ጉዳይ’ዚ ዝያዳ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ክፈልጥ ዝደሊ ድማ ነታ ኣብ ግንቦት 2002 ብጽሓፊ ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ኣቶ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ ተደሪሳ ብኣሕተምቲ ሕድሪ ዝወጸት “ሕድገት ዘየፍቅድ መሰል” ዘርእስታ መጽሓፍ ምውካስ ይከኣል።



**ብወተሃደራዊ መዳይ**፡ ሶቬት ሕብረት ኣብ 1978 ብምዕቡል ኣጽዋርን ወተሃደራውያን ክኢላታትን ኣንጻር ሰውራ ኤርትራ ኣብ ጐኒ ኢትዮጵያ ኮይና ኣብ’ቲ ኲናት ምስ ኣተወት፡ ከምኡ ድማ ምብራቕ ጀርመን ነበርን ደቡብ የመን ነበርን ኣንጻር ሰውራ ኤርትራ ኣብ’ቲ ኲናት ምስ ተጸንበራ፡ ኣብ ሜዳ

ኤርትራ ሓይሊ ሚዛን ተለዊጡ። ከም ውጽኢቱ ኸኣ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ናብ'ቲ ካብ ናይ ነፈርቲን ከበድቲ ኣጽዋርን መጥቃዕቲታት ምቹእ ባህርያዊ መከላኸሊ ዝኾነ ድሕሪ መስመሩ ሰንሰለታዊ ኣኽራናት ናቕፋ ንምምላስ ካብ'ቲ ኩሉ ሓራ ዘውጽኦ ከተማታትን ኣፍ ደገ ኣስመራን ንምውጻእ እስተራተጂያዊ ምዝላቕ ወሲኑ። ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ውሳነ እስትራተጂያዊ ምዝላቕ ምቕባል ቀሊል ጉዳይ ኣይነበረን። እንተኾነ ግን ቅኑዕነት ናይ'ዚ ውሳነ ጸኒሑ ታሪኽ ኣረጋጊጹዎ። ሰራዊት ኢትዮጵያ በቲ ዝረኸቦ ገዚፍ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ሎጀስቲካውን ሓገዛት ተጠቂሙ ገዛእቲ ናይ'ቲ ስርዓትን ተተሓባበርቶምን ብትምክሕቲ ዝብልዎ ንሰውራ ኤርትራ "ሓንሳብን ንሓዋሩን" ንምጥፋእ ካብ 13 ሰነ 1978 ጀሚሩ ክሳብ 10 ጥቅምቲ 1986 ተኸታተልቲ ሽሞንተ ወራራት ኣካይዱ። እንተኾነ ግን ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ ቅድሚ'ቲ ወራራት ጸኒዑ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ነቲ ንሓደ ምሉእ ዕቑድ 1978 — 1988 ዝቀጸለ ኩናት ብምጽዋር ንዝጸንሐ ሓይሊ ሚዛን ናብ ረብሓኡ ለዊጡዎ።



ብ17 መጋቢት 1988 ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ልዕሊ'ቲ ኣብ ከተማ ኣፍዓበት ዝነበረ ሓይልታት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ደምሳሲ ስርሒት ኣካይዱ። ኣብ'ቲ ግንባር ዝነበረ ሓይሊ መግዛእቲ ብዕጥቁን ብዝሑን ተመኩሮኡን እቲ ዝዓበየን ዝሓየለን እዩ ነይሩ። እዚ "ብናደው እዚ" ዝፍለጥ ግንባር'ዚ ኣብ ውሽጢ ናይ ክልተ መዓልታት ጽዕጹዕ ኩናት ምሉእ ብምሉእ ክድምሰስ ከሎ፡

ተጋደልቲ ሰውራ ኤርትራ ኸኣ ብዙሕ ዝቁጽሩ ቢኤማት፡ ታንኪታትን ከበድቲ መዳፍዓትን መንዚዑ። ከምኡ ድማ መብዛሕትኦም ወተሃደራውያን መራሕቲ ኢትዮጵያ ክሞቱ ከለዉ፡ ዝተረፉ ኸኣ ተማሪኾም። ብተወሳኺ ሰለስተ ሶቬታውያን መኮንናት ኮሎኔል ዩሪ ክሊስትሮፍ ዩሪ ቪትሮቪች፡ ኮሎኔል ዩሪፍ ይፊኖ ኒኮላፊትሽን ትልንተ ካብልዲን ኣለክሳንደር ፊክቶርፊትሽን ዝተባህሉ ተማሪኾም።



ድሕሪ ምፍራስ ግንባር “ናደው እዚን” ምሕራር ከተማ ኣፍዓበት ብ19 መጋቢት 1988፡ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ከተማ ምጽዋዕ ንምሕራርን ዓንዲ ሕቔ ሰራዊት ኢትዮጵያ ንምስባርን ወተሃደራዊ እስትራተጂያዊ ውጥን ኣዳልዩ። ስለዚ ከኣ ክልተ ዓመት ምሉእ ንከተማ ኣፍዓበት ክውሕስ ከሎ፡ ኣብ ኩሉ ከባቢ ምጽዋዕ ዝርከብ እስትራተጂያዊ ቦታታት ካብ ሽዕብን ሸባሕን ክሳብ ጋሕቴላይ፡ ደንጕሎ ታሕታይ፡  ማይ-ኣጣል፡ እምኩሉን ፎርቶን፡ ብምዕራብ ኸኣ ከባቢታት ኢምበረሚ፡ ጎርጉሱምን ግራርን ሰሜን ምጽዋዕን ንምቁጽጻር ሓያል ጻዕሪ ኣካይዱ። ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ’ውን ኣብ ናይ ዜሮ ሰዓት ብሰሜንን ምብራቕን ወገን ንሓይሊ ባሕሪ ኢትዮጵያ ንኸጥቅዕ ውጥን ተዳልይሉ። ብተወሳኺ ሓይልታት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ነቲ ኣብ ከተማ ምጽዋዕ ዝነበረ ናይ ምድሪን ባሕሪን ሓይልታት ኢትዮጵያ ንምሕናቑን ወተሃደራዊ ዕጥቂታት ከም ዘይረክብ ንምግባሩን ንመስመር ኣስመራ ምጽዋዕ ብምብታኽ ተቆጻጺሩዎ።

ከተማ ምጽዋዕ ብ10 ለካቲት 1990 ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሰውራ ኤርትራ ምስ ወደቀት፡ ገዛእቲ ኢትዮጵያ፡ ወተሃደራቶምን ተሓጋገዝቶም ሶቬትን ምብራቕ ጀርመናውያንን ደቡብ የመናውያንን በርቂ ከም ዝወደቕዮም ኣእምሮኦም'ዮም ተናዊጹዎም። ስለዚ ከኣ ንከተማ ምጽዋዕ ካብ ህዝባዊ ግንባር ንምምንዛዕ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ ልዕሊ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ወተሃደራዊ ጸቕጢ ብምፍጣር ከም እንደገና ናብ ድሕሪ መስመሩ ሳሕል ንኽምለስ ንምግዳዱን ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ሓይሎም ብምእካብን ገለ ወተሃደራዊ ኣሃዱታት ካብ ግንባራት ኢትዮጵያ ብምስሓብን ናይ ዓቕሊ ጽበት ፈተነታት'ኳ እንተ ኣካየዱ ንደርማስ ሓይሊ ሰውራ ኤርትራ ግን መግዛእቲ ኢትዮጵያን ተሓባበርቱን ክዓግትዎ ዝኽእሉ ኣይነበሩን።



ኢትዮጵያ ንኤርትራዊት ወደብ ምጽዋዕ ንምምላስ ዝተኸተለቶ እስትራተጂ ፈሺሉ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ምሕራር ከተማ ምጽዋዕ ምብቃዕ መግዛእታዊ ህላወ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ዘበሰረ'ውን ነይሩ። ስለዚ ኸኣ ብ22 ግንቦት 1991 ግንባር ደቀምሓረ ክፈርስ ከሎ፡ ብ24 ግንቦት ድማ ዋና ከተማ ኣስመራ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሰውራውያን ተጋደልቲ ኤርትራ ኣትያ። ብድሕሪኡ ኣብ ከተማ ዓሰብ ዝነበረ ሰራዊት ኢትዮጵያ ብ27 ግንቦት 1991 ምስ ተደምሰሰ ኸኣ እቲ ንፍርቂ ክፍለ ዘመን 1941-1991 ዝተኻየደ ፖለቲካውን ዕጥቃውን ቃልሲ፡ ብምውጻእ መግዛእቲ ኢትዮጵያን ተሓባበርቱን ካብ ሃገራዊ መሬት ኤርትራ

ተዛዚሙ። ብወሳኒ ተሳትፎ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኸኣ መግዛእታዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ብ28 ግንቦት 1991 ስሩን መሰረቱን ካብ ኣዲስ ኣበባ ተማሕዩ።

ኣብ መወዳእታ ምሕራር ከተማ ምጽዋዕ ንምልእቲ ኤርትራ ካብ መግዛእቲ ኢትዮጵያን ዓንገልቱ ሓራ ኣብ ምውጻእ መንገዲ ዝጸረገ ጥራይ ዘይኮነ፡ ምጽዋዕ ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ዝተደኰነት ብምዃና፡ እዚ ብልጫ'ዚ ብዞባውን ዓለም ለኻውን ደረጃ ማእከል ንግድን ውፍርን ንኽትከውን የኽእላ። ኣብ ስትራተጅያዊ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ምድኻና፡ ኣብ'ቲ ካብ ህንዳዊ ውቅያኖስ ናብ ማእከላይ ባሕሪ ዝዝርጋሕ ኣገዳሲ ዓለማዊ ንግዳዊ መስመር፡ ኣብ መንጎ እስያን ኤውሮጳን ድልድል ኮይና ንኽተገልግል የብቅዓ። በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ፡ ቀይሕ ባሕሪ ካብ ጥንቲ፡ ዘመናውን ህልዊ እዋን ኣትሒዙ፡ ዓውዲ ኹናታት፡ ግጭታትን፡ ውድድራትን ህርፋን ዝበዝሖ፡ ግዳይ ዞባዊ፡ ንኡስ ዞባዊ፡ ክፍለ ዓለማውን ዓለም ለኻውን ፖሊሲታት ዕብለላ ኮይኑ ጸኒሑን ኣሎን።